


# ፈንቅል ልምዓት ብልምዓት 2020




## ስርሒት ፈንቅል መንጉዳ ምኩሓት ዝሰበረ መዳርግቲ ኣልቦ ኤርትራዊ ቅያ ፡

ተዳለወ ብመድሃኔ ተስፋኣለም

ነቶም ኣብ ቃልሲ ተወሊድና ኣብ ቃልሲ ዝዓበና ፡ ንምረት መግዛእቲ ብዋንጫ'ቶም ኣረሚን ቀሰብትና ክሳብ ዒፍ ዝብለና ዝጨለጥናን ፡ ንዝተጐናጸፍናዮ መስተርሆት ናይ መላእ ሓርነት ዳግማይ ምሩጽ ሂወት ፡ ኣብዛ ፍትሒ ዝተነፍጋ ዓለምና ፡ ብኩሉ እንተታት ከነስተማቕር ዝተዓደልና ፡ ስርሒት ፈንቅል 30 ዓመት ዝተገብረ ፍጻሜ ዘይኮነስ ፡ ናይ ትማሊ ስርሒት እዩ እንተበልና'ውን ኣይደፈርናን ፡ መኸንያቱ እቲ ስርሒት ጌና ህያውን ፡ ሂወት እናነሰዐ ብሂወት ዝነብርን ስለዝኾነ ፡

ኣብ 17-19 መጋቢት 1988 ምድምሳስ ናደው እዝ ፡ ጸሓፍቲ ታሪኽ ዓለምና "መዘና ድያን-ቢያንፉ ''Dhiyan-Biyanfu'' ኢሎም ዘጠመቕዎ ፡ ንስርሒት ፈንቅል እውን መዘና'ቲ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ መንጎ ናዚ ጀርመንን ፡ ወትሃደራት ሩስያ ኣብ ፔተርስቡርግ Petersburg ዝተኻየደ ኲናት እዩ ፡ ክብሉ ክኢላታት ናይ ስነ/ኲናት መግለጺ ዝሃብሉ ናይ ዕዉታት ዕዉት ኤርትራዊ ቅያ ስርሒት እዩ ፡

ስርዓት ደርግ ንስርሒት ፈንቅል ኣብ'ቲ እዋኑ ክገልጾ እንከሎ ፡ በቲ ቃሉ ፡ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ከበባ ኣትዩ ንሞት ከምዝተፈርደን ፡ ስዕረቱ ዘይተርፍ ምዃኑን ፡ ንባዕላ ነታ ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር'ውን ፡ ኣብ ጐሮርኣ ሸኻል ከምዝተነድላን ፡ ከምሃገር ትቕጽልዶ ኣይትቕጽልን ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትያ ኣላ እናበለ ፡ ተጠልዑ እናኣውየየ ዝህቦ ዝነበረ መርድእ የዘኻኽረና ፡

እዞም ክኢላታት ተንተንቲ ናይ ዓለምና በሃልቲ ፡ ክግረሙ ዘገደዶም ፡ ኣብቲ ካብ 15 ለካቲት 1982 ክሳብ 20 ሰነ 1982 ን95 መዓልትታት ዝተኻየደ እዉጅ ወፍሪ 6ይ ወራር ፡ ደጊም ብድሕሪ ሕጂ ሰውራ ኤርትራ ዝበሃል ኣሸንኳይዶ ክሰርር ጨንሑ'ውን ኣይክርከብን'ዩ ኢሎም ብናይ ሸው መደረ መራሒ ደርግ ( መንግስቱ ሃይለማርያም ) ርዒዶም ከምቃለ ቡራከ ዝኣመኑን ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብምኽሓድ ፡ ንወረ ክጥዕሞም ብርያም ኣዋዲዶም ንሞትና ተጸብዮም ፡

ሕሎምምን ኣብ ባይታ ዝነበረ ክውንነትን ነንበይኑ ስለዝነበረ'ዩ ፡ ተጋዳላይ እቲ እንኮ ንቕሓትን ጽንዓትን ዝኾነ ዝናሩ ፡ ኣብነብሱ ተሞርኪሱ ፡ ከምሬሳ ዓኟቦ ዘይበዝሐ ፡ ሰረቱ ኣብ ሓፋሽ ህዝቡ ዘንጸፈ ፡ በዓል ንጹር ዕላማ ፡ ን 6 ወርሒ መመላእታ ብጅግንነት ምስ ሰራዊት ደርግ ገጢሙ ፡ ነታ ``ፊልማዊት ከተማ ናቕፋ ሓራ ምስ ኣውጽአ`` ፡ ሰራዊት ደርግ ከም ጡብ ኣዲኡ ዝቐበጸ `` ከቦታ ናቕፋ ፡ ከመኪና ኢፋ ያጥፋልኝ ጌታ`` ፡ ኢሉ ክሳብ ዝጽሊ ዝባህረረ እምብኣር ፡ ጐይትኡ ክሳብ ዓንቀሩ እናኣዕጠቐ ፡ ንናቕፋ ክሕዘሉ ወግሐ ጸብሐ ክልእኮን ፡ ኣብ ድፍዓት ሳሕል ክህንኰትን ከም ገዝሚጓል እናፈቐድካ ንሓሙሽተ ወራራት ዝሓምሸሸ ፡ እቲ እንኮ መዳርግቲ ኣልቦ ጅግና ተጋዳላይ ህ.ግ ኮይኑ ፡ ኣብዚ ሜዳ ኲናት ዝተሳሕለ ዳንጋ ፡ ዝተጠረ ሃገራዊ ኒሕን ንቕሓትን ፡ ንተወፋይነት ተጋዳላይ ክሳብ ጥርዙ ኣብጺሑ ፡ ንደርግ ዘናዘዘን ናይ ዓለምና ርእሰ ሓያላን ዘፍዘዘ ፡ ናይ ወትሩ ቀጻልነት ሰውራና ዘመስከረን ዕዉት ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ እዩ ፡

እዚ ሓቅታት እዚ ነቲ ድሕሪ ወፍሪ 6 ይ ወራር ዝተኻየደ ኮንቱ ወራራት ፡ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ምስክር ስዕረቶም ከብርህ ክኢሉ ፡ እምኣርከስ ሰራዊት ደረግ ዓንዲሕቑኡ ኣብ መጥቃዕቲ ግምባር ናደው ምስተሰብረ ፡ ኑዛዜኡ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ክኸውን ግድነት እዩ ፡

ብዙሓት ጠቢባንን ተመራመርትን ፡ ነቲ ኣብ ደጀን ህ.ግ ተዘርጊሑ ዘሎ ምሓውር ሰውራ ብምዕዛብ ፡ ብሰላማዊ መንገዲ እንተዘይኮይኑ ብወትሃደራዊ መንገዲ ንምፍትሑ ዝግበር ብወገን ኢትዮጵያን ዓንገልቱን፡ ንሃልክን ድርብ ክሳራን እንተዘይኮይኑ ዘምጽኦ ፋይዳ ከምዘየሎ ካብ ሸው ኣትሒዞም ምኽሮም ካብ ምልጋስ ኣየቋረጹን ፡ ኮይኑ ግን ከምቲ ዝተመሰለ ፡ `` ምዒድካን ኣይንእዝኒ ፡ መዊጽካን ኣይንስኒ `` ጸላኢ ዝፈልጣ ቋንቋ ብጅካ ውግእን ወረውግን እንተዘይኮይኑ ካልእ እንዶ ስለዘይነበሮ ክሳብ ካብ ሱሩ ንሓውሩ ተቦንቂሩ ብጋሌዶ ዝቕበር ፡ ተለቂሑን ኣማሊዱን ንኲናት ዓይኑ ዓሚቱ ክቕጽሎ እዩ መሪጹ ፡ ተጋዳላይ ህ.ግ ግን ፡ ካብ መትከሉ ምዕይ ከይበለ ፡ ከም'ቲ ዝነበረ

ጭርሖኡ ``መሬትን ሰብን በብቑዑብ ሓራ ምውጻእ`` ንመጻኢ'ውን እንተኾነ ካብቲ "ኲሩዕ ታባ" ጀጋኑ ሳሕል ኣትሒዙ ፡ መሓውር ሰውራ ኣደልዲሉ ንመጻኢት ሃገረ ኤርትራ ዓንዲማእከል ዝኾንዋ ፡ እዘን ናይ ሎሚ ትካላት መንግስቲ ንርእየን ዘሎና ካብሽዑ ዝተተኽላን እናማዕበላ ዝመጻ ክኾና እንከለዋ ፡ ሎሚ ብደረጃ ምኒስትሪ ንሃገርን ህዝብን ዘገልግላ ዘለዋ ትካላት ህዝብን መንግስትን እየን ፡

ስለዚ ከላሽን ተጋዳላይ እምብኣር ክልተ ስራሕ እናፈጸመት እያ ኣብ ዓወት ክትበጽሕ ክኢላ ፡ በቲ ሓደ እናተዋግአት ፡ በቲሓደ ክኣ ኣብኩሉ ጽላት ማእቶታዊ ዕማማ ዘሰላሰለት ፡ ሻምብቆ ሓርነትን ሓቅን ርትዕን እያ ፡ ስለዝኾነ ስርሒት ፈንቅል እኩብ ድምር ናይ ዝሓለፈ ተሞኲሮን ፡ ርብርብ ምስ ጸላእን ፡ ነቲ ብኣየርን ሓይሊ ባሕርን ጸብለልታ ዝነበሮ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸር ወትሃደር ጸላኢ ምስተደረብቲ መከናይዚድ ብርጌታቱ ፡ ኣብ ጐላጉል ሰምሃር ፡ ታንክ ብታንክ መከናይዝድ ምስመካናይዝድ ፡ ሓደ ተጋዳላይ ንዓሰርተ ሰራዊት ደርግ ጽሓይ ኣብሪቑ ቦታ መሪጹ ፡ ኣብ ዓለም ሒደት መዳርግቲ ዘለዎ ኤርትራዊ ጅግንነት ተመስኪሩ ፡

`` ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ናይሽዑ ዋ/ጸ ህ.ግ.ሓ.ኤ ፡ ናይሎሚ ክቡር ፕረዝደንት ሃገረ ኤርትራ ዝበሎ ቃል ኣዘኻኺሩኒ ፡ ምስ ጸላኢ ማዕረ ታንክን ወትሃደራዊ ዕጥቅን እንተዝወሃበና ፡ ንጸላኢ ረፍዲ ኣይመጽናሕናዮን ዝበሎ ፡ እቲ ምስጢሩ ኣብስርሒት ፈንቅል ተጋሂዱ `` ፡ እቲ ንዓመታት ጐብለል ቀይሕ ባሕሪ ዝነበረ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ምስ ከክንዲ እምባደንደን ዝኾና ናይ ውግእ መራኽቡ ፡ በተን ንኣሽቱ ፈጣናት ጀላቡ ህዝባዊ ሰራዊት ምሉእ ስዕረት ክቐስማ ፡ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ዝተመዝገበ ጅግንነት እዩ ፡ ቀጣን ገበይ ስጋለት ፡ እታ ብ1978 ንተጋደልቲ ህዝባዊ ሰራዊት እምቢ ኣየሕልፈኩምን ኢላ ኣቕቢጻ ምስ ጸላእቲ ዘሻረወት ክትመስል ፡ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ግን ምሉእ ብምሉእ ብዋናታታ ትሓሪራ ፡ንካልኦት ቦታታት ወደብ ባጽዕ ከተሕልፍ ካብቲ ቀንዲ ውራያ ዝነበረ'ዩ ፡

እወ ! ልክዕ ብልክዕ ባጽዕ ሓራ ኮይና ፡ ደወል መላእ ሓርነት ተደዊላ ፡ ንጸላኢ ክኣ ናይ ሓዋሩ ሞት መርድእ ኣርዲኣ ፡ እቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ብጓኖት ዝውነን ዝነበረ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ዋናታቱ ኮይኑ ፡ ስርሒት ፈንቅል እምብኣር ፡ በሪ ናይ መላእ ሓርነት ዝኸፈተ ስርሒት ጥራይ ዘይኮነ ፡ ነጥበ መቐይሮ ናይ ቀይሕባሕርን ከባቢኡን እንተበልናዮ'ውን ምግናን ኣይኮነን ፡ መኽንያቱ ስርሒት ፈንቅል ጩራ ናጽነት ዝበረቐላን ፡ ታሪኻዊ መቐይሮ ናይ ከባቢና መኺኑ እናጐልሐ ዝመጽእ ዘሎ ሓቂ'ዩ

ዘልኣለማዊ ክብርን መጐስን ንጀጋኑ ሰማእታትና ፡
ዓወት ንሓፋሽ !
ተዳለወ ብመድሃኔ ተስፋኣለም 07.02.2020

ኣማን ብኣማን ስርሒት ፈንቅል በሪ መላእ ሓረነት ዝኸፈተ መዳርግቲ ኣልቦ ዕዉት ኤርትራዊ ቅያ ፡